# ሕልሚ ናይ ደቡብ ሃጺያውያን

# ዕለት 25.10.2023

**ኣብዚ ሰሙን ኣብ ኣዲስኣበባ ቀዳማይ ሚኒስተር ብጥቕሚ ማይ ኣቢሉ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ድልየቱ ኣስተምህሮ ስለ ዝገበረ ንብዙሓት ከዛርብ ቀንዩ። ኣነ'ውን ከም ኩሉ እንታይ ዩበሃል ኣሎ ኢለ ኣተኩረ ክጥምት ተገዲደ።**

**ካብቲ ዝተዓዘብክዎ ብፍላ ይናይ ቀዳማይ ሚንስተር ኣስተምህሮ፡ ቀደም ኣብ ቤት ትምህርቲ ብግዜ ሃይለስላሴ ዝወሃበና ዝነበረ ናይ ሓሶት ትምህርቲ ዝተፈልየ ኮይኑ ኣይረኸብክዎን። ብዝያዳ ካብቲ ህወሓት ዝገብርዎ ዝነበሩ ሰብከት ተወሳኺ ነይርዎ።ግን በብሓደ እንተ ጨጨሕናዮ ክርድኣና ይኽእልይኸውን።**

**ብፕሮፈሶርኣቢይክንጅምር፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ክዛረብ ከሎ ብሕጋዊ መንገዲ ኣብ መዝገብ ሕቡራት ሃገራት ተመዝጊቡ ከምዘሎ ናይ ባሕሪ መሰል ኣሎናዩ ብል። ነታ ኣብ ታሕሳስ** 1950 **ዝተጻሕፈት** 390 A(V) **ናይ ፌደራስዮን መፍትሒ ኢሎም ዘቕረብዎ**

« taking into consideration

(c) The rightsand claims of Ethiopia based on geographical, historical, ethnic or economic reasons including in particular Ethiopia's legitimateneed for adequate access to the see "**ምርኩስ ብምግባር`ዩ።**

Ref. (157) see official Records of the General Assembly, Fifth Session, Supplements, Nos 8 and 14

**ትርጉሙ ብትግሪኛ ከምዚ ዝሰዕብ`ዩ፦**

**<u>ኣብ ግምት ብምእታው</u>**

**<u>ሐ). ናይኢትዮጵያ መሰልን ግቡእን፡ ኣብታሪኻዊ ጀኦግራፊያዊ ቀቢላዊ ኮነ ምጣኔ-ሃብታዊ ምኽንያታት መሰረት ዝገበረ፡ ብፍላይ ድማ ናይ ኢትዮጵያ ሕጋዊ መሰል እኹል ናይ ባሕሪ ኣኽእሎ ምህላው፡</u>**

**ዝኾነት ትኹን ሃገር ሕጋዊ መሰል ናይ ባሕሪ ኣኽእሎ ኣለዋ። ኣፍደገ ባሕሪ ስለ ዘይብላ ኣብ ባሕሪ መርከባታ ከተንሳፍፍ ኣይትኽእልን'ያ ማለት ኣይኮነን። እዘን ኩለን ሃገራት ብመሬት ዝተኸበባ መራኽብ ኣለወን። ወደብ ናይ ካልኦት ሃገራት ብዉዕል ድማ ይጥቀማ።ዓለም-ለኻዊ ናይ ባሕሪ ሕጊ እንተ ተመልኪትና፡ ብሰፊሑ ክረድኣና ይኽእልዩ።ናይ ሕ.ሃ.ዓለም ዉዕል ካብ ዓንቀጽ** 124 **ክሳብ** 132 **እንተ ተመልኪትና ብመሬት ዝተኸበባ ሃገራት ኣብ ባሕርታት ዓለም ዘለወን መሰል ብሰፊሑ ይገልጽ`ዩ።**

**ጅኦግራፊካዊ ቀርበት ስለ ዘሎና ናትና`ዩ ዝብል ሓሳብ ካብ ኣቢይ ዝነቐለ ዘይኮነስ ናይ ኩሎም ወረርቲ ኢትዮጵያውያን`ዶ ኽብል ሓበሻውያን ገዛእቲ ሕልሚ ዝነበረን ዘሎን`ዩ።እዞም ሕጂ መራሕቲ ሃገር ዝበሃሉ ምሁር ይኹን ፖለቲከኛ ብሃላይ ከጉስዕዎ ንርኢ ኣሎና። ብጀኦግርፍያዊ ቀርበት እንተ ዝኸውን ፈረንሳ ንሉክሰንቡር፡ ክፋልናይስዊስ ሮማንድ ዝበሃል፡ ክፋል ናይ በልጂክ ምጉበጠቶ ኔሩ፡ ወይ ድማ ከምቲ ሂትለር ዝገበሮ ክፋል ስዊስው`ን ምወሰዶ**

ኔሩ። እንተ ሪኢና ኣብ ዓለም ሓደ ቋንቋ ዝዛረባ ሃገራት ጀኦግራፍያዊ ቅርበት ዘለወን ብዙሓት እየን። ነንሕድሕደን ተኸባቢረን ግን ይነብራ ኣለዋ።

ካብቶም ዓበይቲ ሰበ ስልጣን ዶክቶር ኣረጋዊ በርሀ ዝበሃል ታሪኽ ኢሉ ዝጸሓፎ ዶክተርነት ንኽረክብ ከምዚ ይብል፦

"**<u>the area now called Eritrea,has been at the beginning and at the centre of its development. Ethiopia has never existed without this northern part. Nor has this part ever been identified separately from Ethiopia' (cited in Mesfin Araya 1988: 9)."</u>**

ትርጉሙ ብትግርኛ ፦እንተላይ እቲ ሕጂ ኤርትራ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ከባቢ ፡ኣብመጀመርታ ንማእከል ምዕባለ ኣንኮ ይኑጸኒሑ። ኢትዮጵያ ብዘይ እዚ ሰሜናዊ ክፋል ህልውንኣ ኣይፈልጥን`ዩ።ዋላ`ውን እዚ ክፋል`ዚ ካብ ኢትዮጵያ ተፈልዩ ተለልዩ ኣይፍለጥን`ዩ። (ኣብመስፍንኣርኣያ 1988፡ 9 ዝተጠቕሰ)።

ትሕት ኢሉ ድማ ኣብ ሞንጎ እቶም ትግሪኛ ዝዛረቡ ኣህዛብ ብኽልቲኡ ወገን ድልዱል ዝምድና ዘለዎ ምኳኑ ክገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል፦

"**<u>These bonds are still there and could not be simply erased by the relatively short period of Italian colonialism or by the dictates of a political elite aspiring to create its own 'kingdom'."</u>**

**<u>ትርጉሙ</u>**እዚ ምትእስሳር እዚ ክሳብ ሕጂ ኣሎ፡ ብተዛማዲ ሓጺር እዋን መግዛእቲ ጥልያን ወይ ድማ ብናይ ገዛእ ርእሱ ›መንግስቲ ክፈጥር ዝብህግ ፖለቲካዊ ኤሊት ዝሃቦ ትእዛዝ ጥራይ ክድምሰስ ኣይከኣለን።

**<u>Ref:-</u>**VUresearch Portal, A political history of Tigray Peopleœs Liberation Front (1975-1991) Berhe A. 2008

ካብቲብዙሕከነስተውዕለሉዝግብኣናከምኤሪትራውያንኤሪትራናይቶምትግርኛዝዛረቡጥራሕከምዘይኮነትብደምኮነብእንዳወይቀቢላዝተኣሳሰርኮይኑ፡ ኣብ ነንሕድሕዱ ተኸባቢሩ ዝነብር ጥራሕ ዘይኮነስ ብኤሪትራዊ መንነቱ ልዕሊ ኩሉ ዝሕበን ሕብረተ-ሰብ ምኳኑ`ዩ።

እዞም መስፍናዊ መትከል ዘይተላቐቐም ዘለዉ ናይ እዚ ሕጂ ብስም ኢትዮጵያ ዝፍለጥ ቦታ (ሃገር) ዘለዉ መራሕቲ፡ ብፍላይ ድሕሪ ሃጸይዮሃንስ ዝብልዎ መራሒኦም፡ ኩሉ ጊዜ ኣብ ምውራር ዝተመርኮሰ ምኳኑ ታሪኽ ዝነግረና`ዩ።ሕብረተ-ሰብኣዊ ህልውና ክንዲ ዝኣልዩን ዘመሓድሩን፡ ብኣሉላኣባነጋ፣ ብህጸይዮሃንስ፡ ብእምየምነሊክ፡ ብሃጸይሃይለስላሴ፡ ወዘተ.... ክፍክሩ ንክሕበኑን ንሰምዕ። ናይ ውግእ ሰራዊቶም ድማ ብስም እዞም ሕሉፋት ሃጺያውያን ክሰምይዎም ልሙድ`ዩ።ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝኽእል እቲ ደቡባዊ ኣካል ከመይ ከም ዝተጻንበረ ብግዜ ሃጸይ ምኒሊክ ካብ ናይ ጣልያን ኣርካይቭ ዝተረኽበ ስእሊ ንርአ።




| | |
|---|---|
| 1. ጋላጡላማ | 1883 ተገዚኦም |
| 2. ኮሞ፡ ጉማ፡ ጌራ | 1886 |
| 3. ኣሚራትናይሃረር | 1887 ተገዚኦም |
| 4. ጉራጌ | 1887 ተገዚኦም |
| 5. ካምባታ | 1889 |
| 6. ለካጋላ | 1890 |
| 7. ግዝኣት ወላሞ | 1893 |
| 8. ሲዳሞ | 1893 |
| 9. ኢሚ | 1894 |
| 10. ግዝኣት ኣሩሲ ድሕሪ 16 ዓመት ውግእ | 1895 |
| 11. ኦጋዴን | 1894-1897 |
| 12. ሌምቦ | 1897 |
| 13. ኮንሶ | 1897 |
| 14. ጊሚራ | 1897 |
| 15. ቡርጊ | 1897 |
| 16. ግዝኣት ከፋ | 1897 |
| 17. ጉባ ጉንዞ ቡርግዚ | 1899 ተገዚእም |
| 18. ቤንሻንጉል | 1899 ተገዚኦም |
| 19. ቦሮና | 1899 |
| 20. ኒላውያን | 1900 |
| 21. ስልጣን ናይ ኣውሳ | 1909 |
| 22. ስልጣን ናይ ቢሩ | 1909 |
| 23. ስልጣን ናይ ተሩ | 1909 |
| 24. ስልጣን ጂማ | 1935 |
| 25. ጂንጀሮ | ? ? ? |

እዚ ኣስፋሕፋሒ ሓበሻዊ ደውላ፡(ኢትዮጵያ ዝብል ስም ሃጸይ ሃይለስላሴ ድሕሪ ግዝኣት ጣልያንን ምምሕዳር እንግሊዝን ካብ ሓበሻ ናብ ኢትዮጵያ ዘጠመቖ፡) ኣብዘን ኩለን ዝዘመተን ግዝኣቱ ብዘይካ ንብረቶ ምምግፋፍ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቶም ዓቀይቶት ወይ ዝደለዮ ምደገፍቱ ጋሻ መሬት እንዳ በለ መሬት ናይዞም ዝተገዝኡ ኣህዛብ ሃጊሩ ይዕድሎ ኔሩ ጥራሕ

ዘኮይነ ከም ጊላታት(slaves) ኣብ ዕዳጋ`ውን የውርዶም ኔሩ።እቶም ዕድለኛታት ካብቶም ዝተማረኹ ድማ ወይ ዓቀይቶት ኮይኖም ኣብ ወራር ይሳተፉ ወይ ድማ ናይ መሳፍንቲ ኣፍረይቲ ሕርሻ ዱኾኑ ነይሮም።ንሃጸይ ሃይለስላሴ ካብ ስልጣኑ ዘውረዶ ናይ ተመሃሮ <u>መሬት ለኣራሹ (መሬት ንሓራሲኡ)</u> ዝብል ሰላማዊ ሰልፊ ናይ 70ታት`ዩ።ሽሕ`ኳ ድሒሮም ዝመጽኡ መራሕቲ ብዝተፈላየ መንገዲ የተግብርዎ እንተነበሩ።እዚ ማለት ድማ መለስ ዘናዊ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን ንሃብታማት ዝተዓደለ መሬት እዚ ኣይብሃልን`ዩ። እዚ ዘሎ መራሒ እንተ ኾነ`ውን ጊደኡ የካይድ ኣሎ።

<u>ኢትዮጵያ ካብ ግዜ ኣኽሱም ጀሚራ ብባዕዳውያ ንዘይተገዝአ ትሃገር`ያ¡</u> ዝብል ቃል ካብ ኩሎም እቶም ሓበሻውያን ናይ ሎሚ መራሕቲ ዝጐልሕቃል`ዩ።ኣቢይ`ውን ካብቶም ታሪኽ ናይ ኣኽሱም ከም መበገሲ ሃገራውነት ናይዛ ሕጂ ኢትዮጵያ ትበሃል ሃገር ዝተረኽዎ ተለቂሑ ይሰብኽ ኣሎ። ካብ ኮነ ድማ የመን፡ ሶማል፡ማዳጋስካር ወዘተ... ኢትዮጵያውያን እዮም። ናብ ኤሪትራ ጥራሕ ቀኒሒ ዘብል የብሎምን። ወይ ድማ ከምቲ በርሀ ኣረጋዊ ዝጸሓፎ፡ ሕጋውነት ናይ ኣኽሱም ኣብል ዕሊኣሪትራ ከገልጽ ከሎ (ናይ ቀደም ኣኽሱም ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ማለቱ`ዩ)

›The power of the kingdom [Aksum] derived primarily from the control of the trade from the African hinterland to the Red Sea, through the port of Adulis on the gulf of Zula (Eritrea)œ (2000: 3). The old road from Aksum through Yeha in Tigrai and Tokonda and Kohaito in Eritrea to the port of Adulis can easily be traced by ruins and inscriptions that indicate a functioning and stable trade route. ›The archaeological remains dating to this period at Aksum, Matara, and Adulis show the same basic futures and suggest a common cultural pattern stretching from the Tekeze River to the Red Sea coast, ...œ (ibid.: 20). Tringali (1965), who conducted pioneering archaeological surveys at forty sites in and around the outskirts of Asmara, found that many contained Aksumite pottery ›‰correcting the mistaken impression that there was not much Aksumite settlement inthe Asmara regionœ (Kobishchanov 1979: 19). **ገጽ 242 ተመልከትChapter 9 The TPLF and the Eritrean Fronts: Backgrounds of a Tense Relationship Berhe.A.**

**ትርጒሙ፦**[1] ሓይሊ ንግስነት ኣክሱም ብቐንዱ ካብ ምቁጽጻር ንግዲ ካብ ድሕሪት ኣፍሪቃ ክሳብ ቀይሕ ባሕሪ ፡ብወደብ ኣዱሊስ ፡ኣብ ወሽመጥ ዙላ ትርከብ፡ (ኤርትራ) (2000፡ 3) ዝመጸ`ዩ።እቲ ኣረጊት መንገዲ ብቐሊሉ ካብ ኣኽሱም ብይሓ ኣብ ትግራይን ቶኮንዳዕን ቆሓይቶን ኤሪትራ ኣቢሉ ናብ ወደብ ኣዱሊስ ዝወስድ ኣረጊት መንገዲ በቲ ዘሎ ዑናታትን ጽሑፋትን ዝሰርሕን ርጉእን መስመር ንግዲ ዘመልክት ክትረኽብዎ ት`ኽእሉኢኹም።

ኣብዚ እዋን`ዚ ኣብኣኽሱም፣መጠራ፣ኣዱሊስ ዝርከቡስነ-ጥንታዊ ቅርስታት ተመሳሳሊ መሰረታዊ መጻኢ ዘርእዩን ካብ ሩባ ተከዘ ክሳብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝዝርጋሕ ናይ ሓባር ባህላዊ ቅዲዝሕብሩን እዮም፣ (ተመሳሳሊ፡20 ኣብ መጽሓፉ ኣቐዲሞ ዝበሎ ማለት`ዩ)።ትሪንጋሊ (1965) ኣብ ኣርብዓታት ኣብ ውሽጢን ከባቢኡን ፈላሚ ስነ-ጥንታዊ ዳህሳስ ዘካየደ ፡ኣብ ወሰን ከተማ ኣስመራ፡ ብዙሓት ኣኽሱማዊ ዕትሮታት ረኺቦም ኣብ ዞባ ኣስመራ፡ሰፈራ ኣኽሱማውያን ኣይነበረን ዝብል ጌጋ ጡብላሕታ ይእርም።(Kobishchanov1979: 19)።

ከም ኣበሃህላኡ ኲለን እተን ሓያላት ዝነበራ ኣብ ጥንቲ ነቲ ሒዘንኦ ዝነበራ ግዝኣት ሕጂ ክውንነኦ እየን ማለት`ዩ። ቱርኪ ኮነ ግብጺ`ውን ንኤሪትራ ክውንናኣ ለወን ማለትድዩ።ሓደ ኩሉ ህዝቢ ክርድኦ ዘለዎ ታሪኽ ኣኽሱም ናይ ኩሉ ካብቲ እዋን`ቲ ኣትሒዙ ብቀረባ ኮነ ብርሑቕ ዝትንክፎ ኣህዛብ ዝምልከት ኮይኑ ግን ነዚ ሕጂ ዘሎ ቅርጻ ሃገራት ዝምልከትኣይኮነን።ኣብ ርእሲኡ ድማ ህዝቢ ኤሪትራ ዝረኸቦ ዓዘብ ካብቶም ብደቡብ ዝወሩ ዝነበሩ ከም በዓል ኣሉላ ኣባ ነጋ ይኹን ሃጸይ ሃይለስላሴ ወይ መንግስቱ ኮነ፡ ብባሕሪ ዝመጽኡ ዝነበሩ ከም ቱርኪ ግብጺ ጣልያን ኮነ እንግሊዝ ሓራ ንምውጻእ ዝገበሮ ቃልሲ ደኣምበር፡ ከምቲ ሕጂ ፈሊጣውያን ሓበሻ ዝብልዎ <u>ምግንጻል ካብ ኢትዮጵያ</u> ኣይኮነን። ኤሪትራውያን ተደሚሮም ኣይፈልጡ

*ተገንጺሎም`ውን ኣይፈጡን`ዮም። ካብ ባዕዳውያን ወረርቲ ሓራ ንምውጻእ ግን ዝከኣሎም መስዋእቲ ከፊሎም ሃገሮም ነጻ ኣውጺኦም ።*

*ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ፡ ኣብ ሓደ ሃገር እቲ ዝዓበየ ሃብቲ-ሃገር ጕልበት ንኣእምሮን ደቃን`ዩ።  ማዕድን፡ ላምባ ባሕሪ ስለ ዘለካ ሃብታም ኢ`ኻ ኣየስምዕን`ዩ፡ ብዝያዳ እኳ ደኣ ብግቡእ እንተ ዘይተጠቒምካሉ ኣብ ህውከትን ዕግርግርን ህልቀት ሕብረተሰብን እዩ ፍሬኡ።*

*ንኢትዮጵያውያን ጐረባብትና ለበዋ ክህቦም ዝደሊ፡ እትምክሕሎም መራሕት`ኹ ምኩሎም፡  ካብ ሃጸይ ተድሮስ ጀሚርካ ክሳብ እዚ ሕጂ ዘሎ ቀዳማይ ሚንስትርኩም ብዘይካ ህልቀት እቲ ሃብቲ-ሃገር ዝኾነ መንእሰይኩም ዘፍረይዎ ቁም-ነገር የብሎምን። ብንብረትኩም ዝተገዝአ ብረት፡ ኣብ ነንሕድሕድኩም እንተ ዘይኣቃተለ`ኹም ምስ ጐረባብቲ ብዝፈጥርዎ ዕግርግር፡  ባሕሪ እንተዘይኮነ ባድመ እንዳበሉ ኣብ ውግእን ወረ ውግእን የንብር`ኹም ኣለዉ። ወሪርካ ዘይናትካ ናተይ ምባል ኣመሎም ም`ዃኑ ስለ ዘይተረድኣኩም፡ ብዘፈጸምዎ ግፍዕታት ኣብ ርእሰ`ኹም ኮነ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሕብረተ-ሰብ፡ ከም ህዝቢ ኤሪትራ፡ ትምክሒ ኣለ`ኹም። በጃ`ኹም ኣስተውዕልሎም።*

*ዝረሳዕክዎ ብዛዕባ ህወሓት ዝነበሮም ሕልሚ ብግስ ከይበሉ እታ መረብ ምላሽ ወይ ሓሸዋ ምላሽ ዝብል ሕልሞም ድማ ኣረጋዊ በርሀ ዝሃበና ስእሊ ኣብ ታሕቲ እነህትልኩም።*




**Map 3: Frontsœ Base Areas, Tigrai £ Northern Ethiopia**

**(D) £ Dedebit, Initial TPLF base area**

**(E) £ EDU base areas. (P)- EPRP base area. (T)-TPLF base area.**

**Map · Aregawi Berhe**

*ብግሁድ ክሳብ ተሰነይ ዝበጽሕ ዶብ ናይ ህወሓት ብነቖጣ ነ`ቕጣ ሓንጺጸሞ ኔሮም።*
*ሰናይ ንባብ*

*ብርሃነ ረዳ (ባቡረይ)*